ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
Eritreischer Kultur- und Sozialverein e.V. Köln

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለን ከባቢኣን
# ኣብቲ ዓመታዊ ብምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርቫይለር
# <u>ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታትዝካየድ ፡ባህላዊ በዓል ንሃገሮም ወኪሎም ብሓበን ጸምቢሎም</u>

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 11.06.2017 ካብ ሰዓት 11.00 ክሳብ ሰዓት 18.00 ኣብ ከተማ ከለን ዞና ኮርቫይለር፡ ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን (ኮርቫይለር) ዝካየድ ዓመታዊ ባህላዊ ብዓል ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፡ ሃገሮምን ህዝቦምን ወኪሎም ኣብ ዝተኻፈለልሉ ፡ ንወጻእተኛታት ተሳተፍቲ በዓል በቲ ዘሕብን መግለጽ ኤርትራዊ ዝኾነ ባህላዊ ሃገራዊ ትሕዝቶን ብምብርካትን፡ ምእንጋድን ፤ ሓቀኛ ምስሊን ታሪኽ ኤርትራ፤ውህደት ብሄርን ሃይማኖትን፡ ኣገደስቲ ህሉውን ታሪኻውን ሓብረታት ዝሓዙ ጽሑፋት ብምዕዳልን ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ሃገሮምን ጭዋ ውሕሉልን ደላይ ዝኾነ ባህልን ባህርያትን ህዝቢ ኤርትራ ኣቶኪሮም ኣምባሳደራት ሃገሮም ከይኖም ንወጻእተኛ ዜጋታት ከላልዩን ወዓሉ።

ብፕሮግራም ናይቲ ዕለት ሰዓቱ ምስ ኣኸለ ኣዳላዊት መደብ ኣካል ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ምምሕዳር ናይቲ ቦታ ዝኾነት Frau Wittsack-Junge ኣብ መድርኽ ወጺኣ ነቲ ብውክልና ኣቶ እስቲፋኖስ ወልደማርያም ሓላፊ ዲብሎማስያዊ ጉዳይ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ንነዊሕ ዓመታት ኣብዚ ቦታ ብምምህዳር ከተማ ከለን ዝካየድ ተሳትፎ ኤርትራውያን ብምምኳስ ብምድናቕን ሎሚ ድማ ከም ወትሩ ማሕረኮም ኤርትራያን ከለንን ከባቢኣን ባህላዊ መደባት ክረቅርቡ እዮም ብድሕሪ ምባል ፤ ኣብ መድረኽ ሓደ ብቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝገልጽ ረዚን ሰውራዊ ደርፊታት ብህላዊ ሳዕስዒት ዝተሰነየ መደብ ክካየድ ከሎ ፡ካልኣይ ክፋል ድማ ኣብ ሞንጎ እቶም ወጻእትኛታት ኮይኖም ንኹልሞ ተሳተፍቲ ምስኦም ኣብ ሳዕስዒት ንኽዋስኡ ብምትብባዕ ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ኤርትራዊ ባሃላዊ ሳዕስዒት ባህ ኢልዎም ብምውሳእን ብዝሃቦም ዕግበትን ብተሳተፍቲ ብዓል ዓቢ ኣድናቖት ኣትሪፉ።

ኣደታት ናይታ ሃገራዊት ማሕበር ኤርትራውያን ወለዲ ከለን ነቲ ዓመታዊ ባህላዊ በዓል ንኽዕወት ወትሩ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበርኮም ከለን ኮይነን ናይ ምግብናን ፡ ኣጋይሽ ብምዕሩግ ባህላዊ ኣጋብባት ከእንግ ዳከለዋ ፡ኣባላት እቶም ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ንጥፈታት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ማሕበራውያን ውዳቤታት ከተማ ከለንን ፡ ከምኡውን ብሃገሮምን ባህሎም ሕቡናትን ግዱሳትን ኤርትራዊያን ተስተፍቲ በዓል ድማ ኣብቲ መደባት ዕዉት ምው ኣት ኣበርኪቶም። ኣብ መደምደምታ ሓላፊት መደብ ፡ ንኹሎም ወከልቲ ምሕበራትን ተሳተፍትን ኣመስገንት። መደብ ብዓል ሰዓት 6:00 ድ.ቀ. ብሕጉስ መንፈስን ተዛዘመ ።

ዓወት ንሓፋሽ
ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዕለት 12. 06. 2017